# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፩


ቀሺ ገ/ኣምላኽ ብንእስነቶም*

ቀጺለ ዘቕርበን ጽሑፋት ካብ ሠላሳ ዓመታት ንላዕሊ ኣቢሉ ይኸውን፣ ኣቦይ ዘመንፈስ ቅዱስ ኣብርሃ ብስራሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኦም ነበሩ'ሞ፤ "ኣብዚኣ ሓደ ዓብዪ ሰብ ኣለው፣ ንጠይቆም..." ኢሎም ናብ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ሩፋኤል ወሲዶም ምስ ኣፋለጡኒ፣ ገዝኦም እናተማላለስኩ ብዝጠየቕክዎም እዋናት ዘዛረቡኒ ወግዕታት እዩ። ዘበኑ ንውሕ ስለ ዝበለ ድማ ሓድ-ሓደ ዝረሳዕኹዎ፣ ወይ ዘጋጌኹዎ እንተሊኡ 'ይቕሬታ!' እናበልኩ፣ ኽቡር ኣንባቢ ንጌጋታተይ ባዕልኻ ኣሪምካ ንኽተብበለይ እልምን ኣለኹ።

ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ሩፋኤል ትውልዶም ኣማድር ዝብሃል ቦታ፣ ኣብ ኤርትራ እዩ። ግን ገና ብንእስነቶ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኦም፣ በቲ ኣነ ዝረኽብኩዎም ጊዜ ድማ ዕድሜኦም ልዕሊ ሰማንያ ዓመት ኮይኑ፣ በዓልቲ ቤቶም ሞይተንኦም፣ ደቆም ነናብ ቦታኦምን ነናብ ሓዳሮምን ከይዶም፣ ብኣካቢት ኣብ ገዛ በይኖም ኣብ ዝነብሩሉ ዝነበሩ እዋን እዩ። ግንከ ዕድሚኦም ካብ ሰማንያ ዓመት ንላዕሊ እኳ እንተ ነበረስ፣ ጥዕንኦም ሙሉእ፣ ኣዕይንቶም ብሩህ፣ መልክዖም ድማ ይትረፍያ ሰማንያስ፣ ሰብዓ ዓመት እኳ ዝገበሩ ኣይመስሉን ነበሩ። ደጋጊመ ንኽጥይቖም ምስ ተማላለስኩ ድማ፤

"ኣንታ ወደይ፣ እንታይ ደገ ጽንዓት ደኣ ሃሊኡካ ኢኻ እትማላለስ?" በሉኒ።

ኣነ ድማ፣ "ኣቦይ ቀሺ፣ በይንኹም ኮይንኩም ኢለ፣ ኽይጽምወኩም፣ ንኽጻውተኩም ደኣ እምበር፣ ምንም ደገ-ጽንዓትስ የብለይን..." በልኩዎም።

"ወይ ወደይ፣ የቕንየለይ። ርኤኻዶ፣ ሎሚ ኣብዚኣ በይነይ ተሪፈ እትርእየኒ ዘሎኻ፣ ኣብዛ ገዛ ዓሰርተ-ኽልተ ቖልዑ ከም እተወለዱዶ ትፈልጥ ኢኻ?" በሉኒ።

"ብዙሓት ደቂ ምውላድኩም ደኣምበር፣ ደቅኹም ዓሰርተ-ኽልተ ቖልዑ ምዃኖምስ ኣይፈልጥን ኔይረ።" በልኩዎም።

"ረኤኻዩ ዓለም ከምኡ እያ። ወሊድካ፣ ኣዕቢኻ፣ ኣምሂርካ፣ መወዳእታኡ ግን ኩሎም ጠጠንጢኖሙኻ፣ ኣውዲቖሙኻ እዮም ነናብ ሓዳሮም ዚኸዱ!" በሉኒ።

"ሓድ-ሓደሻዕዶ እኳ እናመጹ ኣይጥይቑኹምን እዮም?" በልኩዎም።

"ይጥይቑኒ እባ፣ እሞ ኣበይ ዚኣክል ኮይኑ? ደቂ-ደቀይ እውን ኣለውኒ ዚጥይቑኒ፣ ግን ዚበዝሕስ ጊዜስ በይነይ እየ። ኩሉ ነናብ ሓዳሩ እዩ ዚጕዩ..." በሉኒ።

* ነዛ ስእሊ ብምሃብን ሓድ-ሓደ ጌጋታ ብምእራምን ንዝረድኡኒ፣ ንኣቶ መዝገቡ ገ/ኣምላኽ፣ ወዲ ቐሺ ገ/ኣምላኽ ሩፋኤል፣ ብዙሕን፣ ልባዊን ምስጋናይ ኣቕርብ።

ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሽወደን ሚስዩን ቤት ትምህርቲ ብመምህርና ዘገልገሉ ሰብ እዮም። ብቕድሚኡውን ኣብ ተፈሪ መኰንን ናይ ስዋስውን ግብረ-ገብነትን መምህር ኮይኖም ንብዙሕ ዓመታት ምሂሮም እዮም።

ብዛዕባ መምህርናኦም ኪዛረቡ ኸለው ድማ፤ "ተምሃሮይ ጽሩያት ንኺኾኑለይ፣ ጽርየት ድማ ኣዝዩ ኣድላዩ ምዃኑ ንኽምህሮም ኣብ ጁባይ መሰንተር ሒዘ እዘውር ነበርኩ። ሐደ ተምሃረይ ርስሕ ኢሉ እንተ ርእየዮ፣ 'ንዓ!" ኢለ፣ ኣእዳዉን ኣጻብዕቱን፣ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ኣጽፋሩ ርስሓት ከይህሉ ኣጋላቢጠ እየ ዝምልከቶ። ቐጺለ ድማ ጸጉሪ ርእሱ… ርስሕ ኢሉ ንዝረኤኹዎ ድማ በታ መሰንተር ሒዘ፣ ርእሱ አድኒነ አብጭሮ ነበርኩ። ክብጭሮ ከለኹ ድማ ጻዕዳ ወረቐት ብታሕቲ ጌረ ካብቲ ርእሱ ቁማል ኮነ፣ ድርቀት ርእሲ (ፎረፎር)፣ ካልእውን ዚወጽእ ርስሓት እንተሊኡ ንኺርኢ እገብሮ…"

"ኣንቱም ኣቦይ ቀሺ፣ ንተምሃራይ ኣብ መገዲ፣ ኣብ ቅድሚ ሓላፊ ሰብን ኣብ ቅድሚ ካልኦት ተምሃሮን ቁማል ርእሱ በጪርኩም፣ ሕፍረትን ውርደትን ተሰሚዕዎ ሞራሉ እንተ ተሰብረ ድኣኸ፣ እዙ ነገር እዙይ ጽቡቕ ድዩ?" በልኩዎም።

"ወደይ፣ ይትረፍዶ ምብጫር ርእሲስ መግረፍትስ እንተኾነ ተምሃራይ ንበይኑ ሓቢእኻ ድዩ ዚግረፍ? ኣይ ኣብ ቅድሚ ተምሃሮ እንዶ ዚግረፍ! ምእንቲ ኺሓፍርን ውርደት ኪስምዖን፣ ንኻልኣይ ጊዜውን ደጊሙ ንኸየጥፍእን እኮ እዩ፤ ኻሊእዶ መሲሉካ? ኩሉ ተምሃራይ ሽዑ እዩ ጽሬት ምሕላው ዚጅምር!" በሉ።

**ይቕጽል…**

**ገ/ኢ. ጐርፉ።**